# ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ሩባ መረብ ንዝረኸቦ ዜጋ ክቕተል ምኻኑ ገሊጹ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 14.02.2009

ብ5 ለካቲት 2009፡ ካድራት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ኵሕሊ ዝብኢ እተባህለት ዓዲ ንህዝቢ ኣኪቦም፡ ኣብ ሩባ መረብ ዝተረኽበ ዜጋ ብጥይት ክርሸን ምኻኑ ነፍልጠኩም ኣሎና ክብሉ ከጕባዕብዕሉ ከምዝወዓሉ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ሓቢሮም።

ስርዓት ኣስመራ፡ ነቲ ብ24-25 ታሕሳስ 2008 ኣብ ልዕሊ 4 ንጹሃት ኤርትራውያን ኣብ ሩባ መርከብ ዝፈጸሞ ቅንጸላ፡ ብወግዒ ክቕጽሎ ምኻኑ ምእዋጁ፣ ብሓደ ሸነኽ፡ ንህድማ ናይ መንእሰያት ደው ከብሎ ከምዘይከኣለ፤ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ንቅድሚ ሕጂ ዝፈጸሞን ብድሕር ሕጂ ውን ንዝፍጽሞም ቅትለታት ነጊርናኩም ኔርና እንዲና ንመበሊ ክጥቀመሉ ዝደለየ'ዩ ዝመስል።

ተኲስካ ቅትለ ዝብል መምርሒ ሎሚ ዝወጸ ኣይኮነን። በዚ መምርሒ'ዚ ህይወቶም ዝሓለፈ መንእሰያት ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። በቲ ኣብ ኤርትራ ወሪዱ ዘሎ ሕሰም ግን፡ መንእሰያትና ተኾርሚኻ ሞት'ዩ ተዘርጊሕካ ሞት'ዩ ካብ ዝብል ቀቢጸ ተስፋ፡ ምድረ-በዳታትን ውቅያኖሳትን ኣቋሪጾ እናኸደ ጠያይቲ ስርዓት ኢሳያስ ፈሪሑ ደው ክብል ዘይመስል ኢዩ።

ብዕለት 11-12 ለካቲት 2009 ዓ.ም 16 ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዑቑባ ሓቲቶም ምህላዎም ውን፡ እቶም ምንጭታትና ወሲኾም ይሕብሩ።

እዚኣቶምን እቶም 550 ዝኾኑ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2008 ናብ መደበር ስደተኛታት ሸገራብ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ድማ፡ ተርእዮ ናይ ህድማ ብናይ ምቕታል ፖሊሲታት ደው ክብል ከምዘይክእል ዝምስክሩ ሓቕታት ኢዮም።